ዕለት 06.01.2017

# ሓጺር ታሪኽ ናይ ኣቶ ገርህላስ ኣስፍሃ



ገርህላስ ኣስፍሃ

ኣቶ ገርህላስ ኣስፍሃ ካብ ኣቦኡ ነፍስሄር ኣስፍሃ ክፍለን ካብ ኣዲኡ ነፍስሄር ኣስካሉ ተወልደን ብ01.01.1953 ኣብ ዓዱ ደቀምሓረ ድንበዛን ተወሊዱን ዓብዩን። ትምህርቲ ግና ጀሚሩ ከብቅዕ ኵነታት ናብራ ንምምሕያሽ ብማለት ትምህርቱ ኣቋሪጹ ኣብ ስራሕ ዓለም ተዋፊሩ፤ እንዳተጓዕዘ ከሎ ከምቲ ኩሉ ኤርትራዊ እተበጀዎ ብ1973 ዓ.ም. ኣብ ሰውራ ኤርትራ ተሰሊፉ እጃሙ ከበርከት ድሕሪ ምጽናሕ ብ1980 ዓ.ም. ንሃገር ሱዳን ኣተወ።

ብ1983 ዓ.ም. ድማ ምስ ወይዘሮ ሓጎሳ መርእድ ብቃል ኪዳን ተጣመረ፤ ካብ ኣብራኾም ዝወጹ ሰለስተ ውላድ ኣለውዎም። 1. ፈሸን ገርህላስ 2. ኤደን ገርህላስ 3. ምስግና ገርህላስን ድማ ይበሃሉ። ኣቶ ገርህላስ ካብ 1991 ዓ.ም. ጀሚሩ ሂወቱን ሂወት ደቁን ክኣሊ ድሕሪ ምጽናሕ ብ19.12.2016 ገባሪኡ ብዘይተፈልጠ ሓደጋ ኣብ ትሕተ-ምድሪ ቤት ኣቶገርህላስ ዚነብረሉ ህንጻ - ኣብ ናይ ሓባር ናይ ሐጸብቲ ክፍሊ - መይቱ ተረኺቡ።

ንሕና የሕዋቱን መተዓብይቱን ዝኾና ኣብዚ ሓጺር መረዳእታ(መግለጺ) ብዛዕባ ባህርያት ሓውና ገርህላስ ኣብ ምሕባር ግዴና ንምግባር ድኣ'ምበር ንገርህላስ ዝበቅዕ ታሪኽ ነቕርብ ኣሎና ንምባል ኣይኮነን። ማለት ታሪኽ ወዲ ሰብ ብጸብለልትነት ከበጽሖ ካብ ዝኽእል ናይ ስራሕ ዕቤትን ደረጃታቱን ዘይኮነስ እቲ ክርኤ ዝግብኦ ባህርያቱን ስነ ምግባሩን ምኽኡ ካብ ኵላትና ዝተኮወለ ኣይኮነን። ስለ ዝኾነ፣ እቲ ኮር-ባህሪ ሓውና ገርህላስ ከም ሓቁ ዝያዳ የሕዋቱን መተዓብይቱን ካልእ ክገልጾ ኣይክእልን'ዩ። ባህርያት ገርህላስ ኣስፍሃ ውጹእ ፍሉይነት ነይሩዎ። ገርህላስ ከም ሰብ መጠን - ኣይሓቅን'ዩ ንዝብሎ ነገር ብትብዓትን ብሓቀይና ዕግበቱን ስለ ዝምክት - ውጹእ ፍሉይነት ነይሩዎ። እዚ ባህርያት'ዚ ድማ ንገርህላስ ኣብ መድረኽ ገድሊ ይኹን ኣብ ውልቀ መነባብሮ ብዙሕ ኣሳግድን ጸገማትን ይገብረሉ ምንባሩ ብቀረባ ስለ ንግንዘብ ምስክርነትና ነቓምጥ ኣሎና። ጽኑዕ እምነት ኣብ ሓቅን ርትዕን ዘስዕቦ መዘዝ ኣብ ዓለምና ቀሊል ኣይኮነን።



ኣብ ማእከል ዘሎ ስዉእ ሓድጉ ኣርኣያ'ዩ፡ ኣስማት እቶም ክልተ ግና ኣይፈልጥናዮን

ናይ ጽንዓት ትብተኽን ጠባይ ኣብ ማይ-ቤት እቲ ስድራ ፍሉጥ መለለዪን ሕላገትን ኢዩ። ገለ ከም ኣብነት ንምጥቃስ'ኳ ናይ ስዉእ ሓድጉ ኣርኣይ ባህርያትን ጅግንነትን ኣብዚ ክገጥም ይኽእል። ስዉእ ሓድጉን ገርህላስን ደቂ ሓወቦታት ነይሮም። ሓድጉ ካብ ውሽጢ ተሰነይ ወተሃደር ከሎ ጀሚሩ ክሳብ ናብ ኣስመራ ከም ምሉእ-ግዜ ተጋዳላይ ኳይኑ ዚምደብ ኣብ ስራሕ ፈዳይን ኣብ ተ.ሓ.ኤ ብልጫ ነይሩዎ። ኣብ'ዚ ስራሕ ናይ ፈዳይን እንከሎ ከአ ነታ ካብ ምንጋጋ ኮማንድስ ብተኸስተ ካብቲና ትምራሕ ዝነበረት ናይ ጀነራል ጎይትኦም ማርሰደስ ኣብ ከባቢ ሕምብርቲ ናብ ገለ ሓለፍቲ ተሓኤ (ንኣብነት ዓብደልቃድር ሮሞዳን ሓደ ካብኣቶም ነይሩ) ተረኪባ ናብ ዓዲ ገብራይን ባንብቆን እናምርሑ ኣብ ጓል ሕምብርቲ ከበጽሑ ሰራዊት ኢትዮጵያ ስለ ዚተኸተሎም፣ ሓድጉ ንብጾቱን መራሕቱን ዚነበሩ ምስቲ ዚነበሮም ዋሕዲ ብኢድ ከይትሓዝዎ መታን ንሳቶም ከዝልቑ ንበይኑ ኣብ ምትኳስ ኣተወ፤ ኣድሒንዎም ከአ። ሰራዊት ኢትዮጵያ ንመጸናንዕን መምለስ እግርን ነታ መርሰደስ ወሲዶም ተመልሱ፣ ካብ መራሕ መኪና ጀሚርካ ኵላቶም ተጋደልቲ ግና ድሓኑ። ጅግና ሓድጉ ኣርኣያ ግና ብ23 ጥሪ 1975 ኣብ ጓል-ሕምብርቲ ዚተባህለት ቦታ ተሰዊኡ ተሪፉ። ይኹን እምበር ጸላኢ ሬሳ ሓድጉ ከይረኸቦ ተመሊሱ፣ ስለዚ ከአ ንሬሳኡ ብጾቱ ተመሊሶም ኣልዓልዎን ኣብቲ ቦታ መስዋእቱ ተቐብረን።



ሓድጉ ኣርኣያ ኣብቲ ለይቲ-ለይቲ ዚግልገለሉ ዚነበረ እንዳ ፍርናሽ

ኣየ'ወ እቲ ኩሉ ምትዕጽጻፍ እዚ ኩሉ ጅግንነት፣ ወተሃደሮም ኔርካስ ኣብ ማእከል ኣስመራ ኴንካ ድማ ብጥይት ትዳኒ! ሓድጉ ወተሃደር ኢትዮጵያ ኔይሩ፣ ብስሙን ብስእሉን ድማ ኣብ ፋይላት ኢትዮጵያ ዚነበረ ባእታ ምዃኑ'ዩ፣ እዚ ከንሱ እቲ ሓቂ ኣብ ማእከል ኣስመራ ተመዲብካ ክትንቀሳቐስ ከቢድ ነገር'ዩ።

ኣብዚ ታሕተዋይ ስእሊ ከም ዘሎ፣ ፈዳይን ኳይኖም ኣብ'ዚ እንዳ ፍርናሽ'ዚ ሰራሕተኛታት ድሕሪ ምፍዳስ ኣጸልሚቶም ይጥቀምሉን ይሰፍሪሉን ነይሮም። ምናልባት ዝያድ ዚሕብሩ ናይ ዓይኒ መሰኻኽር ይህልዉ ይኾኑ?! እወ፣ ፈቐዶ ጎደናታት ብሓደ ተጓዒዞም መጽናዕትታቶም ብምክያድ ምስ ወደ'ርኣያ ሓቢሮም ኣብተን ፍርናሽ ብሓደ ዚመኽሩን ኣብኡ ዚሓደሩ ዚነበሩን ብጾት ብሂወት እንተልዮም መን ይፈልጥ ኣሎና ይብሉ ይኾኑ። ወይ'ውን ኣብቲ ካልኣይ ኑቕጣ ዚነበረ (ኣብ ወኪዱባ) ተፋለጥኩም እንተኴንኩም። ገለኻትኩም'ውን ምናልባት ናይ እዛ ኣብ ላዕሊ ዘላ ስእሊ፣ ማለት ብየማነ-ጸጋም ወደ'ርኣያ ዘለኹም ሰባት ትኾኑ።

ብዝኾነ ታሪኽ ጀጋኑን ተመክሮ ብጾትን ንምዝኽካር ዚአክል ኢዩ'ምበር ካብ ሓጺር ታርኽ ኣቶ ገርህላስ ኣስፍሃ ኣሊናኩም ከም ዝጸናሕና እንተገንዘብና ኢና። እንተኾኑ ኣብቲ ስድራ ብዙሓት ዚተኸፍሉ ጀጋኑ እናሃለዉ ኢና ንሓድጉ ኣርኣይ ለኪምና ዘኪርናዮ። እምበኣር ናብ ኣቶ ገርህላስ ኣስፍሃ ኣቢልና ክንመልሰኩም!

ወዲ ኣስፍሃ እወ ፈጣን ጻዕራም ኔርካ
ኣብ ዓበይትን ኣብ ንኣሽቱን ኣሎ ምልክትካ
እታ ዘይትተርፍ ሕጊ ብጽሒት ወሲድካ
ስጋኻስ ዓሪፋ'ያ ብንየው ይቀበልካ፤

ፍሉይ'ዩ ነይሩ እትኒሕካ ትብዓትካ
ዘይትንሕፍ ኔርካ ንናጻ እምነትካ
ብዙሕ መጻወድያታት ዝፈንጠስካ
ካብዛ ዓዲ ኩስዖይ ድሮ ተኸዊልካ፤

ኣየ እዛ ዓዲ ክስዖይ'ወ፣ ዓለም መዓሸዊት
ኩሉ ዘጥረዮ ገዲፉዎ ንዝኸይድ
ካብ ውሳኔ ጎይታስ ኣይልቅብ ኣይዛይድ
ነታ መጸዋዕታስ ኣይኣቢ ኣይሕንግድ።

ብዝተረፈ ንኩቡራት ቤተ-ክህነትናን ክቡር ህዝብናን ክብረት ይሃበልና፣ ሕሰም ኣይትርከቡ ንብል። ንመዋቲ ከኣ መንግስተ-ሰማይ ይኸፈተሉ። ንውሉዳኑ ከምኡ ድማ ንሙሉኣት ስድራን ቤተ-ሰብን ጽንዓት ይሃብኩም።

ካብ የሕዋትን ፈተውትን ነፍስሄር ገርህላስ ኣስፍሃ